<u>**ማሕበረ ኮም ኤርትራውያን ኣብ ከተማ ፍረዚኖ፡**</u>

<u>**(Fresno California)**</u>

ዕዉት ዓወት ከመዝግብ ዝዓግቶ ሓይሊ ይኹን ወይ ግዜ የልን።    ኣባላት ማሕበረ ኮም ፍረዝኖ በዚ ኣብነት'ዚ ክጥቀሱ ይከኣል።  ኣብ ፍረስኖን ከባቢእን ዝነብሩ ውፉያት ኤርትራውያ ንትጳባኣቶም እናመኸቱ  ሃገርን መንግስትን ዝጠልቦ ጠለባት ብምምላእ ብዙሕ ዓመታት ዘቕጸሩ እዮም።  ከም ኩሉ ኤርትራዊ ማሕበረኮማት ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ንረብሓ ህዝቡን ሃገሩን ዝጣበቕ፡ ማሕበረ ኮም ፍረዝኖ ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ኤርትራውያን ኣብ ምጥርናፍን ምውሳእን ዘርእዮ ዘሎ ግስጋሰ ብሓቂ ዝነኣድ እዩ። ኣብዚ ሓጺር እዋን ዘርኣዩዎ ውዳበን ዕዉት ናይ ስራሕ ውጺኢትን ንዝከታተሎ ኣዝዩ መሳጢ እዩ።

ፍረዝኖ ካብ በይ- ኣርያ (Bay area) ርሕቕ ኢላ ስለ ትርከብ እቲ ዝነበረ ርኽክብ'ውን ብኸምኡ መልክዕ እዩ ኔሩ።  ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን  ግን ምስ ኣብ በይ ኣርያ ዝርከባ ማሓበረ ኮማት ጥቡቕን ፈጣንን ርኽክባት ብፍላይ ከኣ ምስ ማሕበረ-ኮም ኦክላንድ  (ECCCC) ብምግባር ድሮ ኣባል መሪሒነት ንኡስ ጨንፈር ምዕራብ ክኾኑ በቒዖም ኣለዉ።  ማሕበረ ኮም ፍረስኖ ኣብ ቫይስልያ፡ ሃንፈርድ፡ ፍረስኖን ዝርከቡ ውፉያት ኤርትራውያን ተጠቓልል።   ዘርእዩዎ ዘለዉ ፍጥነት ከም "ቆልዓ ተወሊዱ ቅድሚ ጥምቀቱ ብእግሩ ከይዱ" ዘብል'ዩ።  ኣባላት ህግደፍ ፍረስኖ ኣብ ዝገብርዎ ዘሎዉ ውዳበታት ብልቢ እናኣመስገንኩ፣ ፎርሳ ኣመዓራርዮ እቲ ማርሻ ክብሎም እፈቱ።

ብዝሒ ኣይኮነን ኣገዳሲ ዓይነት'ዩ፡  
ዘለኣለማዊ ዝክሪ ንሰማእታትና፡  
ዓወት ንሓፋሽ።  
ገብረንጉስ መስመር።  
ሚያዝያ 5, 2016.